Arbeit und Leben
HAMBURG

ምኽሪ፡ ደገፍን ስምረትን

empower

ኣገልግሎት ምኽሪ ንግዳያት የማናዊ ፖለቲካዊ ሰልፊ፣ ዓሌታውያንን ጸረ-ሴማዊ ጐነጽን

ኢምፓወር ግዳያት የማናዊ ፖለቲካዊ ሰልፊ፣ ዓሌታውያንን ጸረ-ሴማዊ ጐነጽን ንዝኸሎኑ ውልቀ-ሰባት ኣገልግሎት ምኽሪ ዝህብ ማእከል እዩ።

ንግዳያት፣ ቤተ-ሰቦምን ፈተውቶምን ከምኡ'ውን ንመሰኻኽር ናይ መጥቃዕቲ ይኹን ድጉል ስግኣት ደገፍ ንገብርን ሞያዊ ምኽሪ ንህብን። መጥቃዕቲ ድሕሪ ምግጣሙ ወይ ድጉል ስግኣት ድሕሪ ምኽሳቱ ግዳያት ካብ መዓልታዊ መነባብረኦም ክበኾሩ ዝግደዱ ኰይኑ ክስምዖም ይኽእል እዩ። ኩሉ ሳዕ ይጉድኡ፣ ይርዕዱ ወይ ይሓርቁ፤ ናይ ሓገዝ-ኣልቦነትን ዘይምዕሩይነትን ስምዒት ድማ የንጸላልዎም።

ከመይ ዝኣመሰሉ ምትሕብባራት ኢና ክንገብረልኩም ንኽእል?

- ሞያዊ ምኽርን ስምዒታዊ ደገፍን ምልጋስ
- ኣብ ህይወትኩም ዝስዕብ ስጉምቲ ንኽትወስዱ ኣብ መዳይ ኣወሳስዳ ውሳነ ደገፍ ንገብር
- ኣብ ሕጋዊ ኣማራጺታት ሓበሬታ ንልግስ
- ጠበቓ ንኽትረኽቡ ንተሓጋገዘኩም
- ናብ ትካላት መንግስታዊ መዚ ከምኡ'ውን ናብ ፖሊስን ቤት-ፍርድን ኣብ እትቐርቡሉ እዋን ነሰንየኩም
- ፍወሳዊ ኰነ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንኽትረኽቡ ንሕግዝ
- ኣብ መዳይ ገንዘባዊ ሓገዝ (ሓገዝ ናይ ሕጋዊ ጉዳያት ምስ ካሕሳ ዝተኣሳሰሩ ክፍሊታት) ምኽሪ ንልግስ

ኣሰራርሓና ከመይ ይመስል?

እቶም ዘጋጥሙ ኵነታትን ኣረኣእያ ናይ ግዳያትን እቶም ከም ቀንዲ ጠመተ ናይ ዕዮና ዝውሰዱ ነጥብታት እዮም።

እቶም እነካይዶም ልዝባት ብምስጢራዊ ኣገባብ ዝተሓዙ፣ ኣንጻር ጾታ ዘይሕውሱ፣ ክፍሊት ዘይብሎምን ኣብ ዝምልከቶ ቦታ ዝትግበሩን እዮም። ኣብ ዝኾነ ይኹን ትካል መንግስታዊ መዚ ከይተመርኰስና ኢና እንሰርሕ፤ ኣብ ዝሕተተሉ እዋን ድማ ስም ትካልና ከየቃላዕና።

ናይ ምኽሪ ኣገልግሎታትና ብብዙሓት ዓይነት ቋንቋታት ዝካየዱ እዮም። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ናይ ዝርርብ ተርጐምቲ ከም ዝኣትዉ ክግበር ይከኣል እዩ።

ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ መዳይ ሕጋዊ ሕቶታት ናይ'ቶም ከም ግዳያት መጠን ዝተጸልዉ ሰባት ብመገዲ ህዝባዊ ርክባትን ከባብያዊ ምምሕዳርን ደገፍ ይግበር እዩ፤ ስምረታዊ መስርሓት ድማ ይምወሉ እዮም።

ተልእኾና ዲሞክራስያዊ፣ ኣግእዞኣዊን ሓልዮት ዘለዎን ሕብረተሰብ ምውናን እዩ።

ድልየትና ኩላቶም ማሕበራዊ ጸጋታት ካብ ጐነጻዊ ወጽዓ ናጻ ኰይኖም ኣብ ምንጎኦም ወግዓዊ ተቐባልነትን ናይ ምዕሩይ ዕድል ተጠቃምነት ሃዋህውን ክሰፍን እዩ።

empower ist eine Beratungsstelle für Betroffene rechter, rassistischer und antisemitischer Gewalt.

Wir unterstützen und beraten Betroffene und auch deren Angehörige, Freund_innen sowie Zeug_innen eines Angriffs oder einer Bedrohung. Nach einem Angriff oder einer Bedrohung werden Betroffene plötzlich aus ihrem Alltag gerissen. Sie sind häufig verletzt, verängstigt oder wütend und machen die Erfahrung von Ohnmacht und Ungleichheit.

Was können wir anbieten?

- Beratung und emotionale Unterstützung
- Entscheidungshilfen zum weiteren Vorgehen
- Hinweise zu juristischen Möglichkeiten
- Unterstützung bei der Suche nach Rechtsanwält_innen
- Begleitung zu Behörden, Polizei und Gericht
- Vermittlung von therapeutischen und ärztlichen Angeboten
- Beratung zu finanzieller Unterstützung (Prozesskostenhilfe, Entschädigungszahlungen)

Wie arbeiten wir?

Im Zentrum unserer Arbeit stehen die Situation und Perspektive der Betroffenen.

Unsere Beratungen sind vertraulich und parteilich, kostenlos und vor Ort. Wir arbeiten unabhängig von Behörden und auf Wunsch anonym.

Das Beratungsangebot ist mehrsprachig. Bei Bedarf werden Sprachmittler_innen hinzugezogen.

Auf Wunsch werden durch Öffentlichkeitsarbeit und lokale Intervention die Forderungen von Betroffenen unterstützt und Solidarisierungsprozesse gefördert.

Unser Ziel ist eine demokratische, emanzipatorische und solidarische Gesellschaft.

Uns geht es um Anerkennung und gleichberechtigte Zugangsbedingungen aller zu gesellschaftlichen Ressourcen, frei von Gewalt.

ኣገልግሎት ምኽሪ ኢምፓወር ንግዳያት የማናዊ ፖለቲካዊ ሰልፊ፣ ዓሌታውያንን ጸረ-ሴማዊ ጐነጽን

Arbeit und Leben Hamburg e.V.
Besenbinderhof 60
20097 Hamburg

ቁፅሪ ቴሌፎን 040 284016-67
empower@hamburg.arbeitundleben.de
www.hamburg.arbeitundleben.de/empower

ኢምፓወር ፕሮጀክት ናይ ኣርበይት ከምኡ'ውን ለበን-ሃምበርግ ኰይኑ ኣካል ናይ'ቲ ብፌደራላዊ ደረጃ ዝሰላሰል ፕሮግራም "ህያው ዲሞክራሲ!" እዩ። ብመገዲ ፌደራላዊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ስድራ-ቤት ከምኡ'ውን ምምሕዳር ናይ'ታ ናጻን ሃንሲያዊትን ከተማ ሃምበርግ ድማ ይምወል።

Arbeit und Leben HAMBURG

Gefördert vom Bundesministerium für Familie, Senioren, Frauen und Jugend

im Rahmen des Bundesprogramms Demokratie leben!

Gefördert von Hamburg